## ብናጻ ደውሉልና

## 0800 144 8444

ኣማኸርቲ ካብ ሰዓት 8 am ክሳብ 6 pm፣ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ይርከቡ።

## ኣብ መስመር ኢንተርኔት ምሳና ኣዕልሉ

**citizensadvice.org.uk/helptoclaim**

ዕላል መብዛሕትኡ ግዜ ካብ ሰዓት 8 am ክሳብ 6 pm ፣ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ይርከብ። እንድሕር ዝኾኑ ኣማኸርቲ ዘይርከቡ ኾይኖም፣ እቲ ናይ ዕላል ሳጹን ኣይክርአን እዩ።

ዕላል ብዛዕባ ናትኩም መስርሕ መመልከቲ Universal Credit ምስ ሓደ ዝሰልጠነ ኣማኻሪ ኣብ መስመር ኢንተርኔት ንምዝራብ የኽእለኩም – በተመሳሳሊ መንገዲ ከም ብተሌፎን ወይ ገጽ ንገጽ ትገብሩዎ።

## ንዓና ገጽ ንገጽ ተዛረቡና

ሓገዝ ንሕቶ መሰል ምኽሪ ገጽ ንገጽ ኣብ ከባብያዊ Citizens Advice ኣብያተ-ጽሕፈት ፣ ከምኡ ድማ ኣብ ካልእ ከም ኣብያተ-ንባብን ማእከላት-ስራሕን ዝኣመሰሉ ቦታታትን ይርከብ።

ነቶም ዝርዝራት ናባኹም ዝቐረበ ናይ ገጽ ንገጽ ኣገልግሎት ኣብ መርበብ-ሓበሬታና ርኸብዎም፥ **citizensadvice.org.uk/helptoclaim**

## ናይ መስመር ኢንተርኔት ምኽርና ኣንብቡ

**citizensadvice.org.uk/helptoclaim**

ብዛዕባ ምምልካት ንUniversal Credit ዝያዳ ንምንባብ መርበብ-ሓበሬታና ጎብንዩ። እዚ ብዛዕባ ንUniversal Credit ተቐባልነት እንድሕር ሃልዩኩም ከመይ ገይርኩም ከምተረጋግጹ ሓበሬታ የጣቃልል ከምኡ ድማ ነፍስ ወከፍ መድረኽ እቲ መስርሕ ምምልካት እንታይ ከምዘማልእ ይገልጽ።

## ጽቡቕ ብቕዓት፣ ናጻ ምኽሪ። ንኹሉ ሰብ ን80 ዓመታት።

ንሰባት ንቕድሚት ንምስጓም ዘድልይዎም ፍልጠታትን ዓረስ እምነትን ንህብ - ዝኾኑ ይኹኑ፣ ከምኡ እውን ዝኾነ ይኹን ፀገሞም።

ናትና መርበብ ግብረ-ሰናያት ምስጢራዊ ምኽሪ ብናጻ ኣብ መስመር ኢንተርኔት፣ ብተሌፎን፣ ከምኡ'ውን ብኣካል የቕርብ።

በቲ ቅኑዕ መርትዖ፡ ኩባንያታትን ነቲ መንግስትን ከመይ ገይሮም ነገራት ንሰባት ዝሓሹ ክኾኑ ክገብሩሎም ከምዝኽእሉ ነርእዮም።


**citizensadvice.org.uk**

© Citizens Advice ሚያዝያ 2019

Citizens Advice ናይ ስራሕ ስም ናይ እቲ ብሄራዊ ማሕበር ናይ Citizens Advice ቤት-ጽሕፈት እዩ። ዝተመዝገበ ቍጽረ ግብረ-ሰናይ 279057።

citizens advice

# ንUniversal Credit ኣብ ምምልካት ሓገዝ ርኸቡ



ሓገዝ ንሕቶ መሰል ውፉይ ኣገልግሎት ካብ Citizens Advice እዩ።

ናጻ፣ ዓርሱ ዝኽኣለ፣ ምስጢራውን ዘየዳሉን እዩ።

ሓገዝ ንሕቶ መሰል ሓደ ሓድሽ ውፉይ ኣገልግሎት ካብ Citizens Advice እዩ።

ዝሰልጠኑ ኣማኸርትና ናዓኹም ኣብቶም ናይ ፈለማ መድረኻት ናይ Universal Credit ሕቶ መሰልኩም፣ ካብቲ መመልከቲ፣ ክሳብ ናይ መጀመርታ ምሉእ ክፍሊትኩም ክድግፍኹም ይኽእሉ እዮም።

ናጻ፣ ዓርሱ ዝኽኣለ፣ ምስጢራውን ዘየዳሉን እዩ።

ምስ ኣማኸርትና ብተሌፎን፡ ብናይ መስመር ኢንተርኔት ዕላል ወይ ገጽ ንገጽ ክትራኸቡ ትኽእሉ ኢኹም።



## Universal Credit እንታይ እዩ?

Universal Credit ኣብ መዓልታዊ ናይ መነባብሮ ወጻኢታትኩም ክሕግዝ ዝኽእል ጥቕሚ እዩ።

እንድሕር ዘይትሰርሑ ሃሊኹም ወይ ትሑት ኣታዊ ሃልዩኩም ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ቀስ ብቐስ 6 ካልኦት ጥቕምታት ይትክእ ኣሎ፥

- ጥቕሚ መንበሪ ገዛ
- ምስ ኣታዊ ዝተዛመደ ናይ ስራሕን ደገፍን ኣበል (ESA)
- ኣብ ኣታዊ ዝተሞርኮሰ ኣበል ደላዪ-ስራሕ (JSA)
- ናይ ህፃን ልቓሕ ግብሪ
- ዝሰርሕ ልቓሕ ግብሪ (WTC)
- ናይ ኣታዊ ደገፍ

መብዛሕትኡ ግዜ ብሓደ Universal Creditን ዝኾነ ካብዞም ጥቕምታት እዚኦምን ሕቶ መሰል ክትሓቱ ኣይትኽእሉን።

እንድሕር ንዝኾነ ካብዞም ጥቕምታት እዚኦም ደጊምኩም ሕቶ መሰል ትሓቱ ሃሊኹም፣ ንግዚኡ ኣብኦም ክትጸንሑ ትኽእል ኢኹም – እንድሕር ኩነታትኩም ዘይተቐይሮም። ንኣብነት፡ ናብ ካልእ ዝተፈልየ ከተማዊ ከባቢ እንተቐይርኩም።

ዝያዳ ብዛዕባ Universal Credit ከምኡ እውን መን ተቐባልነት ከምዘለዎ ኣብ መርበብ-ሓበሬታና ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ብዛዕባ ንUniversal Credit ተቐባልነት እንድሕር ሃልዩኩም ከመይ ገይርኩም ከምተረጋግጹ ሓበሬታ የጣቃልል ከምኡ ድማ ነፍስ ወከፍ መድረኽ እቲ መስርሕ ምምልካት እንታይ ከምዘጠቓልል ይገልጽ።

ጎብንዩ፡ **citizensadvice.org.uk/universalcredit**

## ንUniversal Credit ምምልካት

ንUniversal Credit ኣብ መስመር ኢንተርኔት ወይ – ኣብ ገለ ዝተደረቱ ኩነታት – ብተሌፎን ወይ ኣብ ገዛ ኮይንኩም ክተመልክቱ ትኽእሉ። ምስ ዝኾነ ክፋል እቲ መስርሕ ምምልካት ክንሕግዘኩም ንኽእል ኢና።

እንድሕር ናይ Universal Credit መመልከቲኹም ኣብ ምጅማር ሓገዝ ትደልዩ ኾይንኩም፣ እንተኽኢልኩም ኣቐዲምኩም ኹሎም ዘድልይኹም ዝርዝራት ብሓብር ምእካብ ዝበለፀ እዩ። እዚ ግዜ ክቑጥበልኩም እዩከምኡ እውን ንምምልካት ዝቐለለ ክገብረልኩም እዩ።

ነቲ መምልከቲ ንምጅማር እዞም ዝስዕቡ ናይኩም ዝርዝራት ሓበሬታ ከድልይኹም እዮም፥

- ቊጽሪብሄራዊ መድሕን
- መንበሪ ገዛ
- ኣታውን ውህለላን
- ኩነታት ክንክንህፃን
- ካልኦት ጥቕምታት፣ ዝኾነ እንድሕር ረኺብኩም

ብዛዕባ ኣብ ነፍስ ወከፍ መድረኽ ሕቶ መሰልኩም ዘድልይኹም ነገራት ዝያዳ ሓበሬታ ኣብ መርበብ-ሓበሬታና ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም **citizensadvice.org.uk/startingyourclaim**